
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.157 | ዓርቢ 1 መጋቢት 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ወተሃደራት ኤርትራ ኣብ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ እዮም ዘለዉ!

ገጽ 3
“ፈለሚት ጌጋ ናይ መወዳእታ ዕምሪ”


ገጽ 4
ምብህሃል





ገጽ 5
“ግዜ እንድዩ...!”

ገጽ 7
ደሓን ኩን ፖግባ!





## ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝዘተየ ኣኼባ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት መደረ ኣስሚዑ




ልኡኽ ኤርትራ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ውድባትን ኣብ ጀኔቫ፡ ብ28 ለካቲት ኣብ ዝተቓነዐ - ኣብ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ዝዘተየ ኣኼባ ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት መደረ ኣስሚዑ።

ልኡኽ ኤርትራ - ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ 12 ዓመታት ግዳይ ዘይፍትሓውነታዊ ክሲታትን ጸለመን ናይ’ቲ ፖለቲካዊ መልክዕ ዝሓዘን ዘጽረረን መዘኑት ኣቦመንበርነት ባይቶ ሰብኣዊ መሰላት ኩይና ምጽናሓ ብምጥቃስ፡ ንመርገጺ ኤርትራ ኣብ ሕቶ ሰብኣዊ መሰላት ዘጽርር መብርሂ ኣቕሪቡ።

“ኤርትራ፡ ንምኽብርን ምሕላውን ሰብኣዊ መሰላት ብዘሰፍሐ መዳዩ ዝለዋ ጽኑዕ መበጽዓ ተረጋግጽ” ዝበለ ልኡኽ ኤርትራ፡ እዚ ሕመረት ናይ’ቲ ብዋሕን ጸንከርን ቃልሲ ንሰብኣዊ መሰላት ህዝቢ ኤርትራ ዝተረጋገጸ ሃገርነት ከምዝኾነ ብምንጻር፡ ዋላ’ኳ ግዳማዊ ተጻብኦታት እንተነበረ፡ ኤርትራ ዕላማታታ ንምውቃዕን ኣብ ህይወት ዜጋታታ ትርጉም ዘለዎ ለውጢ ንምምጻእን፡ ማሕበራዊ ፍትሒን ርእሱ ምርኩሳን ማእከል ዝገበረ ናይ ልምዓት ፖሊሲ ብምሕንጻጽ ጸፊዓ ከምዝሰርሐትን ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ዝመስገን ኹጋስ ከምዝተመዝገበትን ኣብሪሁ።

ሰብኣዊ መሰላት፡ ማእከል ናይ ኩሉም ኣብዚ እዋን’ዚ ዘጋጥሙና ዘለዉ ኣህጉራዊ ጉዳያት ከምዝኾኑ ጠቒሱ ድማ፡ እዚ - ሓንቲ ሃገር ንበይና ክትገጥሞ እትኽእል ስለዘይኮኑ፡ ብሓባርን ብኣድማዕነትን ምስራሕ፣ ከምኡ’ውን ሓቀኛ ዘተን ርትዓዊ ሽርክነትን ምህላው ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣስሚሩሉ።

ልኡኽ ኤርትራ ኣስዒቡ፡ ንወልቀ-ሃገር ዕላማ ዝገበረ መዘኑት፡ ፖለቲካዊ መልክዕ ዘለዎ፡ ተጻራድን ዘይሃናጽን ምዃኑ ብምሕባር፡ እዚ ንሰብኣዊ መሰላት ንጃኣፖለቲካዊ ዕላማታት ዝምዝምዝ ዓይነት መዘኑት፡ ነቲ ባይቶ ናብ ፖለቲካዊ መሳርሒ ለዊጥዎ ስለዘሎ፣ ነፍሲ-ወከፍ ሃገር ኣብ ሰብኣዊ መሰላት ሕጽረት ክህልዋ ስለዝኽእል፣ መሰርሕ ሰብኣዊ መሰላት ድማ ዲናሚካዊ ባህሪ ስለዘለዎን ወጺኡ ስለዘይኮነ፡ ብኣህጉራዊ ደረጃ ብዝተዓየደ ሓቀኛ ሓባራዊ ጸምዶ ክጥመት ከምዝግብኦ ኣገንዚቡ።

ልኡኽ ኤርትራ ኣብ መወዳእታ፡ ብገለ ሃገራት ዝተገደደ በይናዊ እገዳታት፡ ንሰብኣዊ መሰላትን መትከላት ቻርተር ሕቡራት ሃገራትን ኣህጉራዊ ዝምድናታትን ዝጻረር ምዃኑ ብምምልካት፡ ኣብ መዳይ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ዝርአ ድሩብ ዕያር ክእረም ተማሕጺኑ።

## ኣዱሊስ - ካብ 1500 ክሳብ 500 ቅ.ል.ክ ንዝነበሩ መድረኻት ታሪኽ ዝእንፍት ስራሓት ካይላ ተረኺቡ

ሎሚ ዓመት ኣብ ጥንታዊት ኣዱሊስ ብዝተገበረ ኩዕታ፡ ካብ 1500 ክሳብ 500 ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ (ቅልክ) ንዝነበሩ መድረኻት ታሪኽ ዝእንፍት ስራሓት ካይላ ተረኺቡ።

እቲ ርኽብት፡ ነቲ ካብ ቀዳማይ ክሳብ 7ይ ክፍለዘመን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ (ድልክ) ዝዘርጋሕ፡ ኣቐዲሙ ኣብ’ቲ ቦታ ዝተረኽበ ኣሰራት ታሪኽ ዝደርዕዎ ንቕዳሞት መድረኻት ታሪኽ ናይ’ቲ ጥንታዊ ቦታ ንምርዳእ ዝሕግዝ ምዃኑ፡ ተመራመርቲ ስነጥንቲ ሓቢሮም።

ኣወሃሃዲ ፕሮጀክት ኣዱሊስ ዶ/ር ጺጋይ መዲን፡ ካብ ምጅማር ኩዕታ ኣዱሊስ ኣትሒዙ፡ ንዝተፈላለየ መድረኻት ዘመልክት ስራሓት ካይላ’ኳ ይርከብ እንተነበረ፡ እዚ ናይ ሕጂ ግና ብጥንታውነቱ ኩሉ ሓቐፍዎ ብዘሎ መድረኻት ታሪኽ ሓሊፉ ከምዝለዎ ብምሕባር፡ ኣድላዪ ምርምራት ምስ ተገበረሉ፡ ንታሪኽ ሃገርናን ዞባናን ኣገዳሲ ዝርኢ ከምዝኸውን እምነቱ ገሊጹ።

ኢጣልያዊት ፕሮፌሰር ሰሬና ማሱ፡ ኣዱሊስ ኣብ ትሕቲ ሳህራ ካብ ዝተሃንጸ ጥንታውያን ከተማታት እታ እኹ ብእምቲ ዝተሃንጸት ብምዃና፡ ፍልይትን ዕዙዝ ዓለምለኻዊ ኣገዳስነት ከምዘህልዋን ዝገብር ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እዚ ናይ ሎሚ ዓመት ርኽበት፡ ነቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ጥንታውያን ጽሑፋትን ሓወልትታትን ሰፊሩ ዝርከብ፣ ንኣዱሊስ ምስ ምድረ-ፑንት ዘተኣሳስር ጭብጥታት መሊሱ ዘኮልዕትን ነቲ ጥንታዊ ቦታ ናብ ሓደሽ ናይ ኩዕታ መድረኽ ዘሰጋግርን ምዃኑ ኣረዲኣ።

ምሁር ስነጥንቲ ዶ/ር ኣብርሃም ዘርኣ ድማ፡ እቲ ርኽበት ንስልጣኔታት ቀርኒ ኣፍሪቃን ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን ንምፍላጥ፡ ብዘዕዙ መረድኢታት ክሕግዝ ዝኽእል ከምዝኾነ ኣስሚሩሉ።

ብዘይካ’ቲ ናይ ስርሓት ካይላ ርኽበት፡ ኣብ ዕምምት ዳግመ-ምህናጽ ጥንታዊት ከተማ ኣዱሊስ ዝሕግዝ ሓደ ምሉእ ዓንዲ ምስ ባህታቱን መመላኸዒ ቀለማቱን ምርካቡ፡ ካልእ ዓወት ናይ’ዚ ዓመት ወፍሪ ኩዕታ ምንባሩ ዝሓበረ ክኢላ ስነጥንቲ መንእሰይ ተኽለወይኒ ነጋሲ ብወገኑ፡ እዚ ነየም ኣቐዲሞም ፋሕ ኢሉም ዝተረኽቡን ብዱሓይን ንፋስን ሕብሮምን ትሕዝቶኦምን ዘጥፍኡን ኣዕኑድ፡ እቲ ግቡእ ቅርጾምን ሕብሮምን ኣትሒዙካ ዳግም ንምትካሎም ዝሕግዝ ኣገዳሲ ርኽበት ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ፕሮጀክት ኩዕታ ኣዱሊስ ኣብ 2011 ዝጀመረ ኮይኑ፡ ኤርትራውያንን ኢጣልያውያንን ክኢላታት ስነጥንቲ ብሓባር ዘዐየድዎን ተመክሮታት ዝለዋወጡሉን ፕሮጀክት እዩ።





# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ኣፍቃሪኦን ክርእያኦ ዝደልያ

ገለ ካብ ኣብ መርዓን ደርዓን ዘይበጽሓ ጎረዞ ኣብ ኣፍቃሪኦን ክርእያኦ ዝደልያ፦

- ምሉእነት ዘለዎ።
- ኣብ ቅድሚ መሓዙታ ዘይሕፍረሉ።



- ወትሩ ኣብ ጎድና ዝኸውን።
- ኣደናቕት ዝፈጥረሉ።
- ግሩም ናይ ምውዛይ ክእለት ዘለዎ - ዘየሰልኪ።
- ዘዘውራን ዘሰንያን።
- ዘፍቅራን ዝፈትዋን።
- ፍቕሩ ዝገልጽ።

ጎረዞ ደቂ-ኣንስትዮ ከም ፍቕርን ምሉእነትን ዝበሉ ነጥብታት የድህባኺ እንተኾና፡ ኣብ ኣካላውያን ባህርይ እውን ዓቢ ኣድህቦ ኣለወን። ጎረዞ ደቂኣንስትዮ ኣብ መሸከልን ካልኦት ምስ ኣቃውማ ዝተኣሳሰሩ ባህርን ልዑል ተገዳስነት ኣለወን።

ኣብ ፍቕሪ ዝርከብ ደቂ-ኣንስትዮ ድማ በዞም ነጥብታት ምስ መሓዙተን ብዝምሳጥ ክዘርብ ይርእያ እየን። ምስ ተመርዓዎ ግና መሸከል ጸቡቕ ትርኢት ዝሁበኪ እንተኾኑ፡ ሕገስ ዝምድናን ሓዳርን ግና ልዕሊኡ ከም ዘገድስ ይግንዘባ።

ንዝምድና ዘልኣለማዊ ዝጉብርዎ ከም ፍቕሪ፡ ርህራሄ፡ ለውሃት፡ ምሉእነት፡ ቅንዕናን ተወፋይነት፡ ክብሪ ወዘተ. እምበር ኣካላዊ ኣቃውማ ዘይምዃኑ ኣብ ሓዳር ምስ በጽሓ ዘረጋግጽኦ ሓቂ እዩ።

እቲ ዝርዝር ዝውዳእ ኣይኮነን። ልቢ ዝፈተኻያ ክትሰዕር እንተ ደሊኻ ድማ ነዞም ደቂ-ኣንስትዮ ዝፈትዋኦም ነገራት ፈጽም። ነቲ ጓል ኣንስተይቲ እትፈትዋ ምስ ትፍጽም፡ ልባን ፍቕራን ምውናንካ ዘይተርፍ'ዩ።

> ## ጥቕስታት ሕብራዊት ብርዒ
>
> - “ንገዛእ ርእሰኻ ንኽትረኽብ፡ ብዛዕባ ኣብሸኻ ሕሰብ።” - **ሶቅራጦስ**
> - “ምስ እትኣምኖ ሰብ ኣብ ጸልማት ምጉዓዝ ካብ በይንኻ ኣብ ብርሃን ምጉዓዝ ኣዝዩ ይበልጽ።” - **ሄለን ከለር**
> - “እቲ ዝበለጸ ነገር ኣብ ህይወት፡ በቲ ብለጽ ክትከውሉ እትኽእል ብለጽ ምዃን'ዩ።” - **ቴዎዶር ሩዝቬልት**
> - “ጸገማትን ዕሽነትን መካይድቲ እየን።” - **ቤልታ ግራሰየን**
> - “ሰባት ከምቲ ክኾኑልካ እትደልዮም ዘይምዃኖም ኣይትሕረቕ። ምኽንያቱ ንገዛእ ርእስኻ ከምቲ ትደልዮ ስለ ዘይትኸውን።” - **ቶማስ ከምፒስ**
> - “ወጥሪ ሓያል መንቀሳቐሲ. ሓይሊ. ደኣ እምበር፡ ዕንቅፋት ክኸውን የብሉን።” - **በል ፊሊፕስ**

## ሎሚ

ኣብ ውሽጢ. ቀጽሪ እንዳ ንገስ ሓንቲ ንእሽቶይ ኣጉዶ ነበረት። ነዛ ኣጉዶ ወጊሓ ክሳብ ትዓርብ ብትግሃት ኣበ'ቲ ቀጽሪ ዝሰርሕ ኣትክልተኛ ይቕመጠላ ነበረ። ስራሕ ናይ'ዚ. ኣትክልተኛ ኣዝዩ ኣድካሚ'ኳ እንተነበረ ንሱ ግን ወላ ሓንቲ መዓልቲ ኣማሪሩ ኣይፈልጥን። እኳ ደኣ ኩሉ ግዜ ንቑሕን ሕጉስን ነበረ። ዕጉስ ከምዝኾነ'ውን ካብ ገጹ ይንበብ ነበረ። ብተደጋጋሚ ዝ. ዘስተውዓለ ንገስ ከኣ “እዚ. ሰብኣይ'ዚስ ምንጩ. ሓጎሱ እንታይ ኮን ይኸውን? ኣብ ሓንቲ ክትጸቕጦ ክሕጎስ ምደለኹ። ንምኻኑ ምስጢር ሓጎሱ እንታይ'ዩ? ክብል ሓተተ። ወዮ ኣትክልተኛ፡ “ክቡር ንገሰ፡ ንመዓልቲ ክልተ ግዜ እናተመገብኩ፡ ስርሐይ ወዲአ ዘዕርፈሉ ገዛ'ውን ዘይሰኣንኩ ስለምንታይ እየ እሞ ክጭነቕ? ሰራሕ ድራር ዕለተይ መታን ክረክብ፡ ኣምላኽ ምሉእ ጉልበት ሂቡኒ እንከሎ ዘጨንቕ የብለይን። ንግሆ ክትንስእ እንከለኹ ጸቡቕ ስለ ዘዕረፍኩ፡ ምስ ምሉእ ሓይለይ ተበራሂ እየ ዝወፍር። በብዕለቱ ከኣ ብዘሰፉ እሰርሕ፡ እታ ተገድሰኒ ግዜ ሕጂ'ያ።” ብምባል




ዝቐረበት ንእሽቶ ኣጉዶ እናነበረስ ኩሉ ግዜ ሕጉስ'ዩ! ካልእ ይትረፍ ናተይ ዝበሎ ጥሪት'ኳ ዘይብሉ? ግን ከኣ ኣዒንቱ ዕግበት ዝንበበን ብሩሃት'የን። ከም'ዚ. ናቱ ሕጉስ ክኸውን ምደለኹ።” ብምባል ቀንኣሉ። ሓደ ምሸት፡ እቲ ንገስ ኣበ'ቲ ጀርዲን እናተዛወረ እንከሎ፡ እቲ ኣትክልተኛ ስርሑ ወዲኡ ኣቑሒቱ እናኣከበ ኣርከቦ። ኩሉ ኣካላቱ ድማ ብደሮናን ጭቃን መርኣዪ ኣይነበሮን። ንኣምላኹ እውን ብመዝሙር የማስግን ነበረ። ምስጋናኡ ምስ ወድአ ንገስ ናብኡ ቀሪብ ኢሉ፡ “ብሓቂ ቀኒኤልካ! ወትሩ ሕጉስ ኢኻ፡ ኣነ'ውን ከማኻ መሰለ። “ሕማቕ ኣሎ ጸቡቕ ኣሎ፡ ብዛዕባ መጻኢ. ክትሓስብ ኣየድልየካን ድዩ?” ሓቲቶ እቲ ንገሰ፡ “ብዛዕባ መጻኢ. ምሕሳብ ምጭናቕ ምጀማር ማለት'ዩ። ምጭናቕ እንተ ጀሚረ ድማ ሽውሃተይ ኣጥፊአ ብጥሜት ክመውት'የ። ስለ'ዚ. ብዛዕባ መጻኢ. ምሕሳብ ኣየድልየንን'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ህይወትና ብዘይካ'ዛ ዘለናያ ሰዓት ካልእ ዘገድስ ኣይኮነን” ምስ በሎ፡ እቲ ንገስ “የቐንየለይ፡ ኩሉ ኣልካዮ ኣለኻ” ብምባል ብህይወት ክሳብ ዘሎ ኑታ ዝኑበረላ ህሞት ብዘየገድስ ክጥቀመላ ቃል ብምእታው ተሰናበቶ።

“ብዛዕባ መጻኢ. ምሕሳብ ምጭናቕ ምጅማር” ካብ ኮነ ኣብ ህይወትና ኩሉ ግዜ ብኣሉታ ዝረአ እዩ። ሓደ ካብኦም ዘድክሙ፡ ዝምድናታት ዘበላሸዉን ስራሕ ዘዕናብሉን ተባሂሎም ክግለጹ ይኽእሉ። ብተወሳኺ. ክሳብ ካብ ንብር ንላዕሊ. ጸቕጢ. ከስዕብ ይኽእል'ዩ። ጸቕጢ. ንደቂ-ሰብ ኣካላውን ስነ-ኣምሮኣውን ጸገማት የስዕብ። ጸቕጢ. ብዓበይቲ እንተዘይተቐጻጺርናዮ ናብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ከም መርዘን ብዘይዳ ድማ ናብ ቅዝነት ከበጽሕ ይኽእል።

ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ጭንቀት ዝጉብረሎም ዝበሩ ሰባት፡ ብሕማም ረሰዕ ክጥቀዑ ዘለዎም ተኽእሎ ካብኦም ቅሱናት ወይ ዘይጭኑቓት ሰባት ብልዕሊ. ክልተ ዕጽፊ ከም ዝዓቢ. ይግለጽ። ብተወሳኺ. ብክኢላታት ስነ-ኣእምሮ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ. መጽናዕቲ ከም ዘረጋግጾ እውን፡ ዋላ'ቶም ንሓጺር ግዜ ምልክታት ጭንቀት ዘርእዩ ሰባት ሕማም ረሰዕ ከማዕብሉ ዘለዎም ተኽእሎ ልዑል ምዃኑ ይሕብር። ኣብ ልዕሊ. 486 ሰባት መጽናዕቲ ዘካየዱ ሆላንዳውያን ተመራመርቲ፡ 60 ዓመት ቅድሚ ምእካሎም ጭንቀት ዝነበሮም ሰባት፡ ዕድመ ምስ ደፍኡ፡ ብኣርባዕተ ዕጽፊ ብሕማም ረሰዕ ክጥቀዑ ከም ዝኽእሉ ኣረጋጊጾም። ስለዚ፡ ሳዕቤናት ብዛዕባ መጻኢ. ሓሲብካ ምጭናቕ ኣብ ግምት ብምእታው ብኢቓልቦ ክንገተኦን ፍሽኽ ክንብልን ይግባእ። እቲ ምንታይሲ፡ ሰላቕ ንኽነብር ካብ ዘድልዩና ጠለባት ህይወት'ዩ። ሰላቕ ንቑጠዐናን ጭንቀትናን ዘብንን መድሃኒት እዩ። ሰላቕ እንተ ዘይነብር ደቂ ሰብ ሕማቕ ነገራት ንኽንፍጽም ምተሃንደድና። ሰላቕ ገዛእ ርእስና እንዛረበሉ ጥበብ እዩ። ኣብ ህይወትና ዘለዎ ተራ እወታዊ ምዃኑ እንተ ተገንዚብና፡ ሃዩ ንዘውትሮ።

## ምብህሃል

ሪቻርድ ብራንሰን “ልዕሊ. እቲ ክትብሎ ዝኾንካ ኣይትብል” ብምባል'ዩ ዝገልጾ። ምብህሃል ሓደ ርእሱ ዝኸኣለ ጥበብ'ዩ። ምብህሃል ዝፈጥሮ ሓይሊ. ርዱእ'ዩ። ደቂ-ሰብ ናይ ምብህሃል ዓቕምና፡ ብዘተፈላለየ ኣጋባብ ካብ ዝተፈጠርናዮ ግዜ ኣትሒዙ'ዩ ጀሚሩ። ዝዘረራት ክንገልጾም ብዙሕ መንገዲ ኣና ንጥቀም። ካብ ትሑት ኑበሱግዎት ተበጊሱና ምዒን ክንብል ግን ጉድኣቱ ይዓዝዝ። ሎሚ ኣብ ዓለም እቲ ኣዝዩ ኣጉዳሲ. ዝበሃል ክእለት፡ ከመይ ገይርካ ምስ ሰባት ከምትዋሳእ ክትፈልጥ ምኽኣል'ዩ።

ሎሚ እንታይ ትብል ዘይኮነ ከመይ ገይርካ ትብል'ዩ ኣገዳሲ. ዛዕባ ህይወት ኩይኑ ዘሎ። ምብህሃል ካበ'ቲ ክዝርዓሉ ዝገበኦና'ዩ። ምናልባት ክትብል ትደሊ. እንተለኻ ክትብል ትኽእል ኢኻ። ልዕሊ. እቲ ዝጎበኣካ ኣይትብል። ልዕሊ. ዓቕሚ ምጽዋርም ሰባት ከይተሰልኪ. ተጠንቀቕ። ምናልባት ቅድሚ ኣፍካ ዝዘረብ ምኽፋትካ ክትዛረበሉም እትደሊ. ዘለኻ ጉዳያት ኣረጋግጸካ ሕሰበሉም። ብድሕሪኡ ንሓሳብካ ጠርኒፍካ ብሕጻር ዝበለ መጉዲ. ክትዛረብ ጀምር። ከምዚ. እንተ ገይርካ ዘረባኻ ዘከታተሉ ሰባት ቀልጢፎም ክርድኡኻ'የም። ስማዕትኻ ክሰምዑኻ ዝኽእሉ ምዕሩይ ሓሳባት ምስ ትጥቀም ደኣ'ምበር፡ ካብ ብዙሕ. ቃላት ከም ዘይኩነ ኣስተብህል። ብብዙሕ. ቃላት ከተረድኦም ትሓስብ እንተለኻ ግና፡ ብኽፉት ኣእዛኖም ኣይክሰምዑኻን'ዮም። ኣዒንቶም'ውን ናጥካ ምጥማት ክሰልክዮን'ዩ። እቲ ዝሓሰብካዮ ሓሳባት ኣብ ክንዲ ዝርድእዎ ድማ፡ ከይተረድኡኻ ብዘይ ፍረ ክትተርፍ ኢኻ። ስለዚ. ኑተን እተወጽኦን ውሑዳት ቃላት ተገደስ። መሰጦቲ ንኽትጉብረን እውን ሕሰብ። ብድሕሪኡ ሰባት ቀልጢፎም ክርድኡኻን ንሓሳብትካ ተማሲጦም ክሰምዑዎን እዮም። መዓስን ብኸመይን ንዘረብ ክነሰርዖ ወይ ክንመልኮ ዘለና ጥበብ'ዩ።



## ጠንቅታት ድርቀት

ድርቀት ኣብ ኩሉ ክሊ. ዕድመ - ካብ ትሕቲ ዕድመ ህጻናት ክሳብ እኹላት ሰባት ዝረአ ናይ ገፊሕ መዓንጣ ጸገም'ዩ። ስራሕ ገፊሕ መዓንጣ፡ በቲ ካብ ቀጢን መዓንጣ ዝሓለፈ. ሓፈስ ማይ ተጠቒምካ፡ ሰብነት ብድርቀት ከይጥቃዕ ምክልኻል እዩ። እቲ ብመስርሕ ገፊሕ መዓንጣ ተመጺዩ ዝተረፈ. ሓፈስ ፈሳሲ. ናብ ትርር ዝበለ ይቕየር'ሞ፡ ብምጭባጥን ምዝርጋሕን ጭዋዳታት ገፊሕ መዓንጣ፡ ቀልቀል ኩይኑ ንግዳም ይወጽእ። ገፊሕ መዓንጣ ኣዝዩ ብዙሕ ካብ'ቲ ሓፈስ ፈሳሲ. ምስ ዝመጺ. ግን እቲ ከም ቀልቀል ኮይኑ ክወጽእ ዝተዳለወ ኣዝዩ ተረር ይኸውን'ሞ፡ ቀልቀል ንምውጻእ ተጻዒርካ ንግዳም ክትወጽእ ትግደድ። ከም ሳዕቤኑ ከኣ ድርቀት ገደረ ንብል።

ቀንዲ. ካብ ጠንቅታት ድርቀት ናይ ኣነባብራ ለውጢ.'ዩ - ደገ እትወጽኣሉ ግዜ ዘይምስራዕን ኣብ ስሩዕ ህይወትካ ዝረአ ለውጥን ክጥቀሱ ይኽእሉ። ካልኦት'ውን፦

- እኹል ትሕዝቶ ጽሕጊ. ዝሓዙ መግብታት ዘይምዝውታር፦ ትሕዝቶ ‘ፋይበር’ ዘለዎም መግብታት - ፍረታትን ኣሕምልቲን ጥረምረን ማይ ናይ ምምንጫው ጠባይ ስለ ዘለዎም ካብ ድርቀት ክከላኸሉ ይኽእሉ።
- እኹል ፈሳሲ. ዘይምስታይ፦ ዝተመገብዮ መግቢ፡ ግቡእ መስርሕ ምሕቓቕ ሓሊፉ ቀልቀል ልስሉስ ኩይኑ ንግዳም ንኽወጽእ እኹል ፈሳሲ. ክዝውትር ኣለዎ። ኣብ'ዚ. ክንጥንቀቐሉም ዘለና፡ ትሕዝቶ ካፈይን - ኮ፡ ቡን ከምኡ'ውን ኣልኮል ነቓጺ. ሰብነት ስለ ዘኽትሉ ብብዝሒ. ካብ ምስታይ ክንቁጠብ ወይ ከኣ ተወሳኺ. ጽሩይ ማይ ብምስታይ ነቓጺ. ሰብነት ክንወግድ ንኽእል። ስለ'ዚ. እኹል ፈሳሲ. ዘይምስታይ ጠንቂ. ድርቀት'ዩ።
- ኣካላዊ. ምንቅስቓስ ዘይምዝውታር፦ ምንቅስቓስ ኣካላት፡ ጭዋዳታት መዓንጣ ብግቡእ ክንቀሳቐሱ ስለ ዝሕግዝ ብድርቀት ከይጥቃዕ ይከላኸል- በንጻሩ ብሰንኪ. ካልእ ሕማማት ኣብ ዓራት ዝደቀሱ ሕሙማት ብድርቀት ይሸገሩ። ምኽንያቱ፡ ጭዋዳታት መዓንጣ ኣብ እዋን ሕማም ግቡእ ስርሖም ስለ ዘይሰርሑ። ስለዚ፡ ኣካላዊ. ምንቅስቓስ፡ ንጭዋዳታት ገፊሕ መዓንጣ ኣብ ምንቅቓሕ ዓቢ. ተራ ስለ ዘለዎ ምንቅስቓስ ዝውትር። ካልኦት ዝተፈላለዩ መድሃኒታትን ሕማማትን እውን ድርቀት የኸትሉ እዮም። ኣፈዋስሳ ድርቀት፡ ጠንቅታት ብምውጋድን ምንቅስቓስ ኣካላት ብምዝውታርን ክንፍውሶ ንኽእል። ከምኡ ከኣ ፍሩታታት ኣብ ምፍዋስ ድርቀት ዓቢ. እጃም ኣለዎም።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ወ/ሮ ኣብዲት ሃይለ ሓጎስ፡ በዓል ቤተይ ተኽለማርያም ዳዊት ኣስፍሃ ስለ ዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ድማ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ወ/ሮ ኣዝመራ ሃይለ ኣብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ሽሻይ ተስፋማስቀል ደሓደን ስለ ዝተሰውኡ፡ ኣነ ምስ 5 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/3/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣመልካቲ ተስፋኣለም ተስፋዝጊ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ ዝርከብ ገዛ ብስም ኣውራሲና ነ/ሄር ኣስፍሃ ዑቕባዝጊ ዝተመዝገበ፡ ቤት ፍርዲ ዞባ ብቑጽሪ መዝገብ 0216/08 ወረስቲ ምዃንና ዝረጋገጸልና ስፍሓት መሬት 250.ት/ሜ ASP 00044507 Asd 00038483 ዝኾነ ገዛ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 123401 መወከሲ ቁጽሪ 136587/136586 ብስም ኣውራሲና ዝተመዝገበ ተራ ገዛ ናብ ወረስቲ ከመሓላለፍ ስለ ዝኾንና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ ይግባይ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤ/ጽ ኖታዮ ዞባ ማእከል ይቕረብ፡፡

ተስፋኣለም ተስፋዝጊ

ኣነ ትዕበ መሓመድ መሓመድኑር ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ዚፕ ኮድ 1A134 ፕሎት 13R ፓርሰል 4Z ጎደና ሳልምግ፡ መለለዪ ቁጽሪ ንብረት 62901/103427 ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ ስለ ዝሸጥናዮ'ሞ ናብ ስም ዓዳጋይ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ትዕበ መሓመድ መሓመድኑር

ኣብ ጻዕዳ ክርስትያን ንኡስ ዞባ በሪኽ ዞባ ማእከል፡ ብንግዲ ፍቓድ ቁ. ASL00007762; J20; TIN 21-020-985 ብስም ዛይድ ግርማይ ገብረሚካኤል ኣብ ጨንፈር ንግዲ ዞባ ማእከል ዝተመዝገበ ኦርጂናል ንግዲ ፍቓድን ናይ ቴሪዝምን ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ረኺብዎ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ ዝብል እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑጽሪ ተሌፎን 07558503 ክሕበረኒ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ዛይድ ግርማይ ገብረሚካኤል
ሕጋዊ ወኪል ኤርሚያስ ማቲዎስ

ዳዊት ወልደማርያም ተወልደመድህን ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ጎዳይፍ፡ ከባቢ ማይ ዓይኒ፡ ፕሎት 124 ፓርሰል “F” ዝርከብ ገዛ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት “1BRASM000163” ብዕለት 16/01/2024 ብስመይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ንወ/ሮ ለተንስኤ ተስፉይ ኣፈወርቂ ስለ ዝሸጥኩላ'ሞ ናብ ስማ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ዳዊት ወልደማርያም ተወልደመድህን

ኣመልካቲ ቦኽሪ ገብረን ዓንደብርሃን ገብረን ዝተበሃልና፡ ካብ ብርሃ ገብረ ዝዓደግናዮ ገዛ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ሰምበል ጎደና 667-791 ፕሎት 169 ፓርሰል ዲ መለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1BRASM 016212 ብስሙ ዝተመዝገበ ኣብ 375.41 ት/ሜትር ዝተደኮነ ቀንዲ ክፍሊ 15 ምስ 11 ተሓጋጋዚ ASP 00017737 ASD 00045403 ዝኾነ ገዛ ብስሙ ዝተመዝገበ ስለ ዝዓደግናዮ'ሞ ናብ ስምና ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ዞባ ማእከል ይቕረብ፡፡

ቦኽሪ ገብረ

## NOTICE

Notice is hereby given that **Noah General Trading Private Limited Company** has been formed by the following shareholders.

**A.** Shareholders:

| | Name | Nationality | Shares | Value in Nakfa |
|---|---|---|---|---|
| 1. | Tedros Berhane Dagnew | Eritrean | 80 | 400,000.00 |
| 2. | Shewit Tekeste Habtay | Eritrean | 20 | 100,000.00 |
| | | | **100** | **500,000.00** |

**B.** The head office of the company is in Asmara; branch offices may be opened anywhere within or outside of Eritrea.

**C.** The company shall have the following business purposes.

(1) To engage in import and export activities;

(2) to carry on wholesale and retail businesses;

(3) to undertake clearing and forwarding activities;

(4) to provide travel and tour operator services, and

(5) to undertake representative and commission agency, which includes but not limited to manufacturers as well as service providers agency, and shipping agency.

**D.** The capital of the company is five hundred thousand Nakfa (500,000), divided into 100 ordinary shares. The par value of each share is five thousand Nakfa (5,000), which are subscribed and fully paid by the shareholders in cash.

**E.** Mr. Tedros Berhane Dagnew is appointed as manager of the company for unlimited period of time.

**F.** The compony is established for unlimited period of time.

**Noah General Trading Private Limited Company**

## ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሳል ኣቶ ኢሲያስ ደሳለ (ወኪል ኣቶ ታደሰ ገብርኣብ)፡ ብፍ/በ/ዕዳ QDVC COMPANYA (ወኪል ኣቶ ዘርጋቤል የፍታሄ ዶሜትሮስ) ብዘተፈጠረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ ንብረት ብፍ/በ/ዕዳ ዝኾነት ሓንቲ ሓብ ዓብዩ ጀነሬተር LOMBARDINI ዝዓይነታ ስርሓት ዓዲ ጥልያን ናይ 32 KW ትረፍዘ ከም'ኡ'ውን ሲንግል ፋዚ ትሰርሕ፣ ትወሰዶ ዓይነት ኑዶዲ ናፍታ፡፡ እዛ ዝተጠቕሰት ጀነሬተር፡ ብክኢላ ማጠለሲ ዋጋ ሓራጅ 60.000.00 (ሱሳ ሽሕ) ናቕፋ ተገሚታ ስለዘላ፡ ተሸይጣ መኽፈሊ ዕዳ ክትከውን ኢሉ ቤት ፍርዲ ስለዝኣዘዘ፡ ክወዳደር ዝደሊ ካብ ዝቐረበ ግምት 1/2 ብስም ሕሳብ ፈጻሚ ፍርዲ ሲፒኦ ብምስራሕ ወይ በቲ ሕሳብ ሒዙ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል፡፡ ተወዳዳሪ ቅድሚ ዕለት ጨረታ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ፡ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ገንዘብ ብቑጽርን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ፍ/ፈ/ፍርዲ ቁ.62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ፡፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ኣንተዘይኣቕረቡ ጨረታ ደው ኣይብልን እዩ፡፡

ተወሳኺ ሓበሬታ ጀነሬተር ክርኢ ዝደሊ፡ ኣብ ከተማ ባጽዕ ዕዳጋ ናይ ቀዳም ኤርፖርት ዝበረ ጥቓ እንዳ ኣውቶብስ እዩ፡፡

ቦታ ጨረታ፦ ላ/ቤ/ፍ ገጠን መጋባእያ ቁ.27
ዕለት ጨረታ፦ 28/03/2024
ሰዓት 3፡00-4፡00፦ ድ/ቀትሪ፡፡

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ደሓን ኩን ፖግባ!




ፈረንሳዊ ተጻዋታይ ክሉብ ጁቬንቱስ ፖል ፖግባ ካብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ንኣርባዕተ ዓመታት ክእለ ተወሲኑሉ - ዝሓለፈ ዓመት ወርሒ ነሓሰ ሓደሊ ዝሁብ መድሃኒት ከምዘወሰደ ድሕሪ ምርግጋጹ።

ፖግባ ኣብታ ጋንታኡ ኣንጻር ኡዱነዘ ዘካየደታ ቀዳመይቲ ናይ ሊግ ጸወታ እዛ ወቕቲ (ነሓሰ 20) እዩ፣ ድሕሪ ግጥም ብዘተኻየደሉ መርመራ ኣብ ደሙ ሓይሊ ዝሁብ መድሃኒት ጸኒሕዎ። ካብ ወርሒ ማስከረም እታ ዓመት ጀሚሩ ኣብ መርመራ ብምንባሩ ከኣ ማልያ ጋንታኡ ክለብስ ኣይከኣለን። ገበኛ ኮይኑ እንተተረኺቡ ድማ ኽልተ ወይ ንኣርባዕተ ዓመታት ክእገድ ከምዝኽእል ይግለጽ ምንባሩ ይዝከር።

ጠበቓታት ፖግባ እዚ ወዲ 30 ዓመት ኣከፋፋሊ፣ ከነ ኢሉ ዝኾነ ጉዳይ ከምዘይወዓሎ (ካብዩም ውጉዙት ሓይሊ ዝህቡ መግቡታት፣ ብዘይፍላጥ ከምዝበልዖ) እዩም ክማጉቱ ጸኒሖም። ፍኹስ ዝበለ መቕጻዕቲ ክወሃቦ'ውን ይሓትቱ ነይሮም፣ ምሕጽንታኦም ግና ሰሚዒ እዚዚ ኣይረኸበን።

ንምኽሪት ፖግባን ጠበቓታቱን ዘይኣመነ ኣኻብሪ ሕጊ ኢጣልያ፣ እዚ ተጻዋታይ ንኣርባዕተ ዓመታት ክቕጽዕ ትማሊ ኣብ ዘሕለፎ ውሳኔ ኣፍሊጡ ኣሎ። ድሕሪ ክልተ ሰሙንቲ - 15 መጋቢት፣ 31 ዓመት ዝመልእ ፖግባ ክሳብ ወዲ 35 ዓመት ዝኸውን ናብ ሜዳ ክምለስ ኣይክእልን እዩ። ስለዚ፣ ሓደ እዋን ዝኸበረ ተጻዋታይ ዓለም ዝበረ ፖግባ ብዚ ኣብሉ ናይ ጸወታ ዘመኑ ከብቅዕ ከምዝኽእል ይግለጽ። ብዚ ድማ እዩም፣ ዝ. ዜና ዝተኸታተሉ ዝተፈላለዩ ወገናት "ኣሪቨደርቺ ወይ ደሓን ኩን ፖግባ" ክብሉ ዝተሰምዑ።

እዚ ጉልበት ተጻዋታይ፣ ይግባይ ክብል ምኳኑ እዩ ዝገለጸ፣ "ዝኾነ፣ ዘሰንበድን መዓንጣ ዝቖርጽን እዩ፣ ኣብ ናይ ፕሮፈሽናል ናይ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ግዜይ ዝሃለኽዎ ኩሉ ካባይ ተወሲዱ።" ክብል'ውን ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ሓቢሩ። እንተ'ታ ዛጊት ዝኾነ መግለጺ ዘይሃበት ዘላ ጁቬ ግና፣ ኣብ 2022 ንኣርባዕተ ዓመታት ዘፈረመቶ ውዕል ክትብትኮ ከምእትኽእል ምንጪታት ይሕብሩ ኣለው።

ፖል ፖግባ ኣብ 2016 - ብ105 ሚልዮን ዩሮ (89.3 ሚልዮን ፓውንድ) ካብ ጁቬንቱስ ናብ ማን ዩናይትድ ድሕሪ ምስግጋሩ፣ "ዝኸበረ ተጻዋታይ ዓለም" ተባሂሉ ነይሩ። ከምቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ኣዝዩ ዕዉት ጉዕዞ ከይሰኸደ ከኣ፣ ደጊሙ ኣብ ክረምቲ 2022 ናብታ ብሉጽ ብቕዓት ዘንጸባረቐላ ኢጣልያዊት ክለብ ጁቬ ተመሊሱ። ኣብ ዓመተ-ስፖርት 2022-23 እውን፣ ብስራ ተደጋጋሚ ማስበርቲ ኣድማዒ ኣይነበረን። ኣብዚ ክትጻዎም ትቃረብ ዘላ ወቕቲ ከኣ፣ ስርዚ ጉዳይ ኣቕዲሙ ብምጥርጣሩ ካብ ጸወታ ርሒቑ ድሕሪ ምጽንሑ፣ እንሆ ብመቕጻዕቲ ንዊሕ ዓመታት ክእለ ተቐሲቡ ኣሎ። ፖግባ ኣባል እታ ዋንጫ ዓለም 2018 ዘልዓለት ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳ ምንባሩን ኣብ ፍጻመ ጸወታ ሸቶ ምቑጻሩን ይዝከር።

## ፓርተይ፡ ናብ ጸወታ...



ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ሚከል ኣርቴታ፣ ኣብ መጉዳእቲ ዝጸንሐ ተጻዋታዩ ቶማስ ፓርተይ፣ ሰኑይ ምሸት ምስ ሸፊልድ ኣብ ዘካይድዎ ናይ ሊግ ጸወታ ክሰለፍ ከምዝኽእል ኣሚቱ።

እዚ ጋናዊ ኣከፋፋሊ፣ ኣብዚ ወቕቲ ሰሪ ተደጋጋሚ መጉዳእቲ ብርክት ዝበሉ ግጥማት ከሲሩ እዩ። ኣብቲ ኣንጻር ፉልሃም 2ብ2 ዝተፈላለዩሉ ናይ ወርሒ ነሓሰ 2023 ጸወታ፣ ብሰንኪ ዘጋጠሞ ናይ ረቓቒት መጉዳእቲ፣ ኣርባዕተ ናይ ሊግ ግጥማት ክኸስር ተቐሲቡ።

ፓርተይ ደጊሙ ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ እታ ዓመት ናብ ጸወታ ኣብ ዝተመልሰሉ፣ ጋንታኡ ኣብ ልዕሊ ሰቲ ናይ 1ብ0 ክትዕወት ሓጊዝዋ ነይሩ። እንተኾነ፣ ድሒሩ ኣብ ልምምድ ብሰንኪ ዘጋጠሞ ናይ ሰለፍ መጉዳእቲ፣ መብጣሕቲ ከኪይድ ተገዲዱ፣ ክሳብ ሕጂ ከኣ ኣገልግሎት ኣልቦ ኮይኑ ጸኒሑ። ኣብቲ ኣብ ወርሓት ጥሪን ለካቲትን ዝተኻየደ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2023 ንሃገሩ ካብ ምውካል እውን በኺሩ።

ኣብዚ እዋን ግና፣ ምምሕያሽ ኣርእዩ ምህላዉ ዓላሚኡ ኣርቴታ ሓቢሩ ኣሎ። "ቶማስ ክልተ ወይ ሰለስተ ተኸታተልቲ ልምምድ ገይሩ ኣሎ። ስለ'ዚ፣ ኣባል እታ ሰኑይ እትጻወት ጋንታ ክኸውን ይግበኦ እዩ።" ኢሉ እዚ እስጳኛዊ ዓላሚ።

ኣርቴታ፣ ኣብ መኽፈቲ ጸወታ እዛ ወቕቲ መጉዳእቲ ዘጋጠሞ ተምበር፣ ዛጊት ድሉው ከምዘይኮነ፣ ቶሚያሱን ዚንቸንኮን ግና፣ ኣብዚ ናይ ሰኑይ ጸወታ ክህልዉ ከምዝኽእሉ እውን ገሊጹ። ናይዞም ክልተ ዳሕረዎት ተጻወትቲ ህላወ ግና፣ ኣብ ናይ ቀዳም ልምምድ ሓበሬታ ከምዝወሃብ የረድእ።

## ሮናልዶ ተቐጺዑ


ኣጥቃዒ ስዑዳዊት ክለብ ኣል-ነስር ክሪስቲያኖ ሮናልዶ፣ ድሕሪ'ቲ ንደገፍቲ ኣል-ሸባብ ዘርኣዮ ግብረ መልሲ፣ ብፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ እታ ሃገር ንሓንቲ ጸወታ ተቐጺዑ።

ኣል-ነስር፣ ዝሓለፈ ሰንበት ንኣል-ሸባብ 3ብ2 ዝሰዓረትሉ ጸወታ፣ ደገፍቲ ኣል-ሸባብ፣ ንሮናልዶ ንምሕራቕ ስም እቲ ናይ ነዊሕ ዓመታት መቐናቕንቱ ዝኾነ ኣርጀንቲናዊ ሊዮኔል መሲ ክጽውዑ እዮም ተሰሚዖም። ኣብዛ ጸወታ ንቕዳመይቲ ሸቶ ዘመዝገበ ሮናልዶ ከኣ፣ እዝኑ ብኢዱ ብምሓዛን ጸዩፍ ምኳኑ ዝተገለጸ ተግባርን ብምግባር ናብዮም ደገፍቲ ዝቐንዐ ግብረ መልሲ ክህብ ኣብ ዓይኒ ካሜራ ኣትዩ።

ሮናልዶ፣ እዚ ጉዳይ ብማሕበራት ዜና ክወዓዋዕ ብዓቢኡ ከኣ ኣል-ሸባብ ከምዘኸሰሰት ምስ ፈለጠ፣ መግለጺ ኣውጺኡ ነይሩ እዩ። ንሱ፣ "ንኸሰለን ክለብት የኽብረን እየ። እቲ ሓሳብ (ኦቲ ጸምብል እዩ) ከኣ ንሓይሊን ዓወትን እዩ ዝገልጽ፣ ዘሕፍር ኣይኮነን። ኣብ ኤውሮጳ ንጥቀመሉ ነይርና ኢና።" ክብል፣ ንዘበርሮ ምንቅስቓስ ወይ ተግባር ገሊጽዎ ነይሩ።

ይኹን'ምበር፣ ነዚ ጉዳይ ክጽንዕ ዝቖመ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ እታ ሃገር፣ ትማሊ ነዚ ብርቂ ተጻዋታይ፣ ሓንቲ ጸወታ ክቐጽዕ በይኑሉ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፣ እዚ ፈደረሽን፣ 30 ሽሕ ሳውዲ ሪያልስ (6,300 ፓውንድ) ክኸፍል'ውን ወሲኑሉ ይርከብ። ካብዚ እቲ 10 ሽሕ ነቲ ፈደረሽን ዝኽፈል ኮይኑ፣ እቲ 20 ሽሕ ሪያልስ ከኣ ነታ ክሲ ዝመስረተት ጋንታ ኣል-ሸባብ ዝወሃብ እዩ። ሮናልዶ፣ ይግባይ ክብል ከምዘይፍቀዶ ኮሚተ ድስፕሊን እታ ፈደረሽን ኣፍሊጡ ኣሎ።

ክሪስቲያኖ፣ ኣብዚ ወቕቲ ኣብ 20 ናይ ሊግ ግጥማት 22 ሸቶታት ብምቑጻር መሪሕነት ሒዙ ይርከብ። እዚ ኣብ ታሕሳስ 2022 ብናጻ ካብ ማን ዩናይትድ ናብ ስዑዳዊት ክለብ ዝተጸምበረ ወዲ 39 ዓመት ኣጥቃዓይ፣ ዓመታዊ ብዝኾነሐ 173 ሚልዮን ፓውንድ፣ ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ እቲ ዝበዝሐ መሃያ ዝቕበል ተጻዋታይ ምኳኑ ይፍለጥ።





### ዜና ብሓጺሩ

* ሪያል ማድሪድ፣ ንንእሽተይ ሓው ኪይላን ምባፐ ዝኾነ ኢታን ምባፐ ከተፈርሞ ከምዝዘተሰማምዐት ተቓሊሑ።

ወዲ 25 ዓመት ኣጥቃዓይ ፒኤስጂ ኪይላን ምባፐ፣ ድሕሪ ምዝዛም እዛ ወቕቲ ናብ ማድሪድ ክጽምበር ከምዝዘተሰማምዐ ይፍለጥ። ድሕሪ'ዚ ስምምዕ ከኣ፣ ሰድራ እዚ ተጻዋታይ፣ ነታ ዓርሞሽሽ እስጳኛዊት ክለብ ንንእሽተይ ሓዉ ከተፈርሞ ሕቶ ከምዘቕረቡ ምንጪታት ሓቢሮም።

ኣብዚ እዋን ንናይ ትሕቲ 19 ዓመት ክለብ ፒኤስጂ ዝጻወት ዘሎ ወዲ 17 ዓመት ኢታን፣ ኣብዛ ወቕቲ ሰለስተ ግዜ ንቀዳማይ ክለብ ፒኤስጂ ክጻወተሉ በቒዑ እዩ። ማድሪድ ከኣ፣ ንምባፐ ንምስሓብ ብምባል እያ ነዚ ብሸሞንተ ዓመታት ካብኡ ዝንእስ ሓዉ ናብ እስጳኛ ከተግዕዞ ኣንቂዳ ዘላ - ብመሰረት ጋዜጣ ደይሊ መይል።

* ብኢጋኡ መተካእታ የርገን ክሎፕ ተናዲ ዘላ ሊቨርፑል፣ ንኣሰልጣኒ ባየር ለቨርኩሰን ሻቢ ኣሎንሶ ንምዝርራብ ናይ ፈለማ ሕቶ ናብታ ክለብ ኣቕሪባ።

ኣሎንሶ፣ ኣብ ባየር ለቨርኩሰን፣ ቀልቢ ዓበይቲ ክለባት ዝስሓበ ዓወት ኣብ ምስናድ ይርከብ። ለቨርኩሰን፣ ነታ ብተኸታታሊ ን11 ዓመታት ንቡንደስሊጋ ዝተዓወተትሉ ባየር ሙኒክ ብሸሞንተ ነጥቢ በሊጻ ኣብ ቅድሚት ትርከብ።

ብወጽኢት ናይ'ዚ ኣሰልጣኒ ዝተማሰጠት ሊቨርፑል ከኣ፣ ቦታ ክሎፕ ንምትካእ ካብ ሕጂ ጀሚራ ትሓተተሉ ኣላ። ካብ 2015 ጀሚሩ ነዛ ክለብ ዝዕለማ ዘሎ ጀርመናዊ የርገን ክሎፕ፣ ድሕሪ ምዝዛም እዛ ወቕቲ ክገድፋ ምኳኑ ኣቐዲሙ ኣፍሊጡ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፣ እዛ ጋንታ፣ ንቦታ ኣጥቃዓያ ሞ ሳላሕ ንምሽፋኑን ንኣጥቃዓይ ብሬንትፎርድ ብርያን ምባሞ ኣብ ራዳር ኣእትያቶ ትርከብ። ግብጻዊ ሳላሕ፣ ኣሰር ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ነይማርን በንዞማን ካልኦት ህቡባት ተጻወትቲን ብምስዓብ፣ ኣብዛ እትመጽእ ክረምቲ ናብ ስዑዲ ዓረብ ክምርሕ ከምዝኽእል እዩ ዝግለጽ።

ኣብ ምድማር እዛ ወቕቲ ብሉጽ ምንቅስቓስ ከርኢ ጀሚሩ ዝበረ ካሜሩናዊ ምባሞ፣ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ መጉዳእቲ ክሳብ ዘጋጥሞ፣ ኣብ 15 ግጥማት ሸውዓተ ሸቶታትን ሰለስተ ቀረብን ክዝብር ክኢሉ ነይሩ።

* ኣብ ዝተፈላለዩ ግጥማት ኣንጻር ሮናልዶ፣ መሲ፣ ነይማርን ምባፐን ዝተፋጠጠ ኣከፋፋሊ ባየር ሙኒክ ጆሹዋ ኪሚክ፣ ኣብ ናይ ጸወታ ግዜኡ ካብ ዝገጠሞም ተጻወትቲ እቲ ዝበርትዐ ክጠቕስ ኣብ ዝተሓተተሉ፣ "ኣልቫሮ ሞራታ" ክብል ብምምላሱ ንገለ ወገናት ኣገሪሙ። "ኣንጻሩ ክጻወት ኣዝዩ ከቢድ ነይሩ፣ ምኽንያቱ፣ ኣዝዩ ሓያል፣ ቅልጡፍ ብሉጽ ተኽኢክ ዝውንን ብምዃኑ።" ይብል ኪሚክ።

## ገታፈ፡ ብጉዳይ ግሪንዉድ ምስ ዩናይትድ ክትዘራረብ መዲባ

እስጳኛዊት ክለብ ገታፈ፣ ብልቓሕ ንእተጻውቶ ዘላ ማሶን ግሪንዉድ ንዝዘናውሐ ግዜ ክትጥቀመሉ ብምድላይ፣ ምስ ወናኒቱ ማን ዩናይትድ ክትዘራረብ መዲባ ኣላ - ብመሰረት ጋዜጣ ጎል።

ግሪንዉድ፣ ድሕሪ'ቲ ብዮመጽ ጓል ኣንስተይቲ ተኸሲሱ ብማን ዩናይትድ ካብ ጸወታ ተኣጊዱ ምጽንሑ፣ ዝሓለፈ ክረምቲ ብልቓሕ ናብ ገታፈ ምስግጋሩ ይዝከር። ዛጊት ነዛ ክለብ ዝሰሓበ ብቕዓት የንጸባርቕ ምህላዉ ከኣ ተጉተጉቲ ላ'ሊጋ የረድኡ። በዚ ዘርኣዮ ዘሎ ሱሓቢ ንምቕስቓስ ድማ ካብ ዓበይቲ ክለባት እስጳኛ ባርሴሎናን ኣትሌቲኮ ማድሪድን ተጉዳስነት ረኺቡ ኣሎ።

ብመንጽሩ፣ ኣብ ዩናይትድ ናይ 25 ሚእታዊት ብርኪ ግዝኣ ዘሎ በሊየናር ጂም ራትክሊፍ፣ ነዚ እንግሊዛዊ መንእሰይ ክመልሶ ሓሰቡ ምህላዉ ይሕብር። ይኹን'ምበር፣ ኣብዚ እዋን ኣብ መሳልል ላሊጋ ዓሰርተ ዘላ ገታፈ፣ ነዚ ተጻዋታይ፣ እንተሰሊጡዋ ብቐዋሚ እንተዘይኮይኑ ግና፣ ደጊማ ብልቓሕ ከተፈርሞ ዘኽእላ መገዲ ኣብ ምጥጣሕ ትርከብ። ወዲ 22 ዓመት ግሪንዉድ፣ ምስ'ዛ ማንቸስተራዊት ክለብ ክሳብ ክረምቲ 2025 ዝጸንሕ ውዕል ኣለዎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፣ ፕረዚደንት ላ'ሊጋ ጃቪር ተባስ፣ ማሶን ግሪንዉድ፣ ውዕሉ ምስ ወድአ ኣብዚ ሊግ ክቕጽል ተስፋ ገይሩ ምህላዉ ተዛሪቡ። ንሱ፣ "ጽቡቕ ጸወታ እዩ ዘርኢ ዘሎ። ተስፋ እገብር ኣብዚ ክጸንሕ፣ ህላወኡ ንዓና ጽቡቕ እዩ።" ኢሉ። ዛጊት ኣብ 25 ዝተፈላለዩ ግጥማት ንገታፈ ወኪሉዋ ዘሎ ግሪንዉድ፣ ኣብ 12 ሸቶታት ተዋሲኡ ኣሎ፣ ሸውዓተ ባዕሉ ኣመዝጊቡ ሓሙሽተ ንኣመዝገብቲ ኣቕቢሉ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ብዝሒ ፍሊስጤማውያን ግዳያት ኩናት ናብ ልዕሊ 30 ሽሕ ደይቡ

ኩናት እስራኤልን ፍሊስጤማዊ ምንቅስቓስ ሓማስን ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ ካብ ዝጀምር ንደሓር፡ ኣብ ቓዛ ልዕሊ 30 ሽሕ ሰባት ከም ዝተቐትሉ ሚኒስትሪ ጥዕና ናይ'ታ ኣብ ከርደና እትርከብ ወሸመጥ ኣፍሊጡ።

እቲ ኣሃዙ እስራኤል ኣብ ቓዛ ኣብ ልዕሊ ዝርከቡ በርጌስ ፍልስጤማውያን፡ ንኣዋርሕ ዝቐጸለ ደብዳብ ዘጉልሕ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ እስራኤል ብዘየደዶ ደብዳብን ናይ መሬት ስርሒታትን ሓያሎ ፍሊስጤማውያን ንግሕበረቀጠባዊ ቅልውላዋት ተቓሊዖም ምህላዎም ይሕበር።

እስራኤል፡ ነቲ ደብዳብ ደው ከተብሎ ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ዝመጽኣ ጸቅጢ እናወሰኸ ይኸይድ እኳ እንተሎ፡ ኣብ ቓዛ እትገብሮ ዘላ ወፍሪ ግና ናይ'ታ ቀንዲ መሻርኽታ ዝዀነት ኣቐራቢት ወተሃደራዊ ሓገዛታን ዝኾነት ኣመሪካ ደገፍ ከም ዘይተፈልዮ ይግለጽ።

ኣብ'ታ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ፍሊስጤማውያን ንሕሰም ተቓሊዖም ዝርከቡላ ደብባዊት ከተማ ራፋሕ፡ እስራኤል ሓድሽ መጥቃዕቲ ክትጅምር ተሰጊኡ ብምህላው፡ መጠን ሞት መሊሱ ክዕውስኽ ስክፍታታት ከም ዘሎ እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ኣብሪሁ።

ሚኒስትሪ ጥዕና ቓዛ፡ መጠን ሞት በርጌሳውያንን ዕጡቓትን ብንጹር እኳ እንተዘይፈላለየ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ኣብ ዝሎ ሓብሬታ ግና ኣስታት 70 ሚእታዊት ካብ'ቶም ዝሞቱ ደቂ-ኣንስትዮን ህጻናትን ምዃኖም ገሊጹ። ኣስታት 10 ሽሕ ኣባላት ሓማስ ከም ዝተቐትሉ እውን ይግመት።



## ጫድ - ኣብ ትካል ሃገራዊ ድሕነት መጥቃዕቲ ተፈጺሙ




ኣብ ጫድ ኣብ ርእሰከተማ ንጃሜና ኣብ ዝርከብ 'ትካል ሃገራዊ ድሕነት' ብዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ሓያሎ ሰባት ከም ዝተቐትሉ ሰበስልጣን እታ ሃገር ገሊጾም።

እቲ መጥቃዕቲ ብ 'ዘ ሶሻሊስት ፓርቲ' ዝፍለጥ ዶብኣልቦ ተቓዋሚ ጉጅለ ከም ዝተኻየደ ዝሸሰሰ ኣፈኛ መንግስቲ ጫድ፡ እቲ ጉጅለ - ቢቲ ኣብ ዝመጽእ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ጫድ ክውዳደር ምኻኑ ዝገለጸ ያያ ዲሎ ዝምራሕ ምኻኑ ሓቢሩ።

እቲ ኣፈኛ፡ "ሕጂ እቲ ኩነታት ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ኣትዩ ኣሎ" እኳ እንተበለ፡ ልክዕ ቀጽሪ ናይ'ቶም ዝተቐትሉ ሰባት ግን ኣይገለጸን።

ኣብ ተመሳሳሊ መግለጺ ናይ'ቲ መንግስቲ፡ ኣቐዲሙ ጹሓፊ ፋይናንስ ናይ'ቲ ሰልፊ ዝበረ ሰብ - ንፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ክቐትል ብምፍታኑ፡ ኣብ ማእሰርቲ ከም ዝርከብ ገሊጹ።

ግዚያዊ ፕረዚደንት ጫድ ማሃማት ደቢ ኢትኖ፡ ንልዕሊ ሰለስተ ዓሰርተ ዓመታት ነታ ሃገር ዝመርሐ ወላዲኡ - ኣብ 2021 ምስ ተቓመወቲ ኣብ ዝተገበረ ግጥሚት ድሕሪ ምቕታሉ ስልጣን ከም ዝሓዘ ይዝከር።

እንተኾነ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት እቲ ግዚያዊ መንግስቲ ነቲ ናይ 18 ኣዋርሕ ናይ ምስግጋር እዋን፡ ንተወሳኺ ክልተ ዓመት ከም ዝናወሖ ድሕሪ ምሕባሩ፡ ኣብ መላእ እታ ሃገር ተቓውሞታት ከም ዝተላዕለ ይግለጽ።

ብድሕሪ እዚ፡ ግዚያዊ መንግስቲ ጫድ - እቲ ፕረዚደንታዊ ምርጫ፡ ዝመጽእ 6 ግንቦት ክካየድ ምኻኑ ኣፍሊጡ።

## ጃፓን፡ ብጸርገ-ንጡፍ ዝተበከለ ማይ ምጉሓፉ ቀጺላ

ጃፓን ዝሓለፈ ረቡዕ - ራብዓይ ዙርያ ማእኸርሕ ምጉሓፍ ብጸርገ-ንጡፍ ጭኡታ ዝተበከለ ማይ ከም ዝጀመረት ተገሊጹ።

ዙርያ ክሳብ መጋቢት 17 ኣብ ዘሎ እዋን፡ ኣስታት 7,800 ቶን ዝተበከለ ማይ ናብ ውቅያኖስ ክትጉሕፍ እያ ወጢና ዘላ።



ጃፓን ነቲ ካብ ወሽጢ ሃገርን ኣህጉራውያን ማሕበረሰባትን ዝመጽኣ ዘሎ ነቐፌታታት ብምንጻግ፡ ኣብ'ዚ ራብዓይ

ኣብ ነሓሰ 2023፡ ነቲ ዝተበከለ ማይ ናብ ሰላማዊ ውቅያኖስ ክትጉሕፍ ዝጀመረት ጃፓን፡ ዛጊት ብጠቕላላ ኣስታት 23,400 ቶን ዝተበከለ ማይ ጉሒፋ ኣላ።

ብ11 መጋቢት 2011፡ ኣብ ጃፓን ብዘጋጠመ 9 ሬክተር ዝዓቐኑ ምንቅጥቃጥ ምድሪን፡ ንዑኡ ሰዒቡ ዝተኸሰተ ሱናሚን፡ ኣብ ልዕሊ ትካል መመንጨዊ ኑክለስያዊ ጸዓት 'ፉክሺማ ዳይቺ' ዘውረዶ ጉድኣት፡ ጸርገ-ንጡፍ ጭኡታ ብምልሓኹ - ኣብ ኑክለስያዊን ራድዮሎጂያውን ታሪኽ ዓለምና እቲ ዝዓበየ ሓደጋ ኮይኑ ተመዝጊቡ ይርከብ።

ጃፓን ካብ ሚያዝያ 2024 ክሳብ መጋቢት 2025 ኣብ ዘሎ እዋን ወጢናቶ ዘላ - 7 ዙርያታት ማእኸርሕ ምጉሓፍ፡ ብድምር 54,600 ቶን ዝተበከለ ማይ ናብ ሰላማዊ ውቅያኖስ ንምፍሳስ መደብ ከም ዘለዋ ይግለጽ።

## ሩስያን ኢራንን፡ ተወሳኺ ናይ ምትሕብባር ስምምዓት ተፈራሪመን




ሩስያን ኢራንን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላታት ክልተኣዊ ምትሕብባረን ንምስፋሕ ዘኽእለን ሓያሎ ስምምዓት ከም እተፈራረማ ተሓቢሩ።

እቲ ንጽላታት ጸዓት፡ ጥዕና፡ ንግድን ትምህርትን ዘጠቓልል 19 ስምምዓት፡ መበል 17 ኣኼባ ኮሚሽን ሓባራዊ ቁጠባዊ ምትሕግጋዝ ሩስያን ኢራንን ምኽንያት ብምግባር፡ ኣብ ርእሰከተማ ኢራን - ጣህራን ከም እተኸተመ ተገሊጹ።

ድሕሪ'ቲ ምፍርራም ምክትል ቀዳማይ ሚኒስተር ሩስያ ኣሌክሳንደር ኖቫክን ሚኒስተር ነዳዲ ኢራን ጃቫድ ኦውጂን ኣብ ዝሃብዎ ሓባራዊ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ኢራን ሸሞንተ ናይ ነዳዲ መዐደኒ ቦታታት ንምምዕባል፡ ምስ ኩባንያታት ሩስያ ውዕል ኣትያ ከም ዘላ ሓቢሮም።

ኦውጂ ወሲኹ፡ ተወሰኽቲ ንጥፈታት ዕደና ነዳድን ጋዝን ንምምዕባል ዝካየድ ከም ዘሎ'ን እቶም ሓደስቲ ውዕላት ኣብ ቀረባ እዋን ክኽተሙ ከም ዝኽእሉን ገሊጹ።

ኖቫክ ብወገኑ፡ ክልቲአን ሃገራት ኣብ ጽላታት ነዳዲ፡ ጋዝን ፔትሮኬሚካልን ምፍራይ መካይንን ክልተኣዊ ምትሕብባር ከስፍሓ ከም ዝኽእላ ኣሚቱ።

## ህ/ሪ ቻይና፡ ውዕል ዘይተጠቃምነት ኑክለስያዊ ኣጽዋር ክትግበር ጸዊዓ

ዓርሞሸሻዊ ኑክለስያዊ ኣጽዋር ዘውንና ሃገራት ዓለምና፡ ፖሊሲ ዘይተጠቃምነት ኑክለስያዊ ኣጽዋር ክተግብራ ዘኽእለን ውዕል ብዝምልከት ክዘራረባ፡ ክፍሊ ምቁጽጻር ኣጽዋር ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና ጸዊዑ።

ዳይረክተር ናይ'ቲ ክፍሊ ሳን ሺያኦቡ፡ ዝሓለፈ ሰሉይ ኣብ ጀኔቫ ኣብ ዝተኻየደ መድረኽ ምንካይ ኣጽዋር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘቕረቦ መግለጺ፡ ኑክለስያዊ ኣጽዋር ዘውንና ሃገራት ሓላፍነተን ክፍጽማ፡ ብመሰረት እቲ ኑክለስያዊ ኩናት ንምክልኻል ዓሊሙ ዓመታዊ ዝካየድ ዋዕላ ሕቡራት ሃገራት ክቐየዳን ኣተሓሳሲቡ።

ሳን ሺያኦቡ ኣብ መግለጺኡ፡ "ኑክለስያዊ ኣጽዋር ዘለወን ሃገራት፡ ኣብ ንሓድሕደን ነቲ ኣጽዋር ከይጥቀማ ኣብ ዝብል ውዕል ክዘራረባን ክሰርሓን ከም'ኡ እውን 'ዚ ኣብ ዝምልከት ፖሊቲካዊ መግለጺ ክህባ ይግባእ" ክብል ኣገንዚቡ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ መድረኽ ንዝቕልቀሉ ዘለዉ ሳይንሳውን ቴክኖሎጂያውን ብድሆታት እውን፡ ምላሽ ክህብ ከም ዝግባእ ሳን ወሲኹ ኣመልኪቱ።

ሳን፡ ስትራተጂያዊ ጸጥታዊ ኩነታት ዓለምና ሓደሽ ብድሆታት የጋጥሞ ከም ዘሎ'ን፡ ዝሓየለ ወተሃደራዊ ሓይሊ ዘለወን ሃገራት - ንናይ ገዛእ-ርእሰን ልዕልና ብተደጋጋሚ ውዕላት ክፍርሳ ምጀንሐን ኣብሪሁ።

ኣብ'ዚ እዋን እዚ፡ ቻይናን ህንድን ነቲ ኑክለስያዊ ኣጽዋር ምጥቃም ዝእግድ ፖሊሲ ብወግዒ ተቐቢለን ዘለዋ ክልተ ሃገራት ምዃነን ይፍለጥ።

ሩስያን ኣመሪካን ኣብ ዓለም ዝዓበየ ኑክለስያዊ ኣጽዋር ዘውንና ሃገራት ምዃነን ይግለጽ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ጉት | 01/03/2024 | ጎደና ኣፍዓበት ቁ. 209፡ ፊት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓሙስ | 125154 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565